ሓደጋ ኮፍ

ዘተስኡ ብኢዱ
ዝሕብሮ ንመገዱ
እናመሰለኒ ዝሰኣነ
ተስፍኡ ዘመኽነ፡
እንተረኣኹ ኮፍ ዝበለ
ይሓዝን ስቐ ኢለ።
ኣነስ ፈሪሐያ
ብሩሑቐ ፀሊኣያ፡
ኮፍስ ከመይ ኢላ ትከኣል?
ብቐሊሉ ንኽይትለዓል።

ልብን ሳዕርን እናሓደረ ይቦቁል

ዘይሓይሽ ክደልይ
ከምፅእ ዘይብለይ፡
ላዕሊ ላዕሊ ክጥምት
ዘየለ ከቁዋምት፡
ዘይእበ ክኣቢ
ፀገመይ ከዕቢ፡
ዘይፍራሕ ክፈርሕ
እናዓሸኹ ክጎርሕ፡
ሱንኩተይ ምስ ኣሕረርኩ
ናይ ኢድይ ምስ ኣጥፋእኹ፡
ኣእሙሮይ ወይዚ ሓሳድ
ዘሰወረለይ ንጉሁድ፡
ሎሚዘበን እኮ ነጊሩኒ ዓሚ ዝተጋገኹዎ
ካልኣይ ንዘይረኽቦ እቲ ዝሰኣንኩዎ።

ስምን እንታይነትን ነንበይኖም

ግብሪ ከይቐላዕ
ብስም ክሕባእ፡
የዋህ እንከይፈለጦ
ሓሳዊ ንኽሰልጦ፡
እንተደልዩ ከሞጉሰሉ
እንተደልዩ ኽኣ ከናሽወሉ
እንታይንትን ስምን ሓደ'ዮም ኢሉ፡
ኩሉ ከምዝደለየ ጸዊዑሉ
ስም ምሃብ እኮ ቀሊሉ።
ስም ምስ እንታይነት
ወትሩ እንተዝጠምሩ ድኣ ብሓድነት
ምፍላጥ ኣይመጸገመን
ብተብሃለ'ዉን ኣይምተኣመነን።

ፍቐሪ ባይታ ስኢኑ

ተበላሽዩ ዘበኑ
ዝጽይቕ ብዙሕ ከይኑ
ጥዑይ ምስ ጥዑይ ተሳኢኑ
ፍቕሪ ዝደለየ ማእሚኑ
ክጉህይ ንበይኑ።
ከይረክብ ንኣምሳሉ
ዘፍቅር ልቢ ኣለኒ ኢሉ፡
ዘይደልዮም በዚሐሞ እንዶ ኢሉ ኮለል
እቲ ዝደልዮ'ዉን ኣለኹ ኣይብል።
ዝማእመነ ተቐይሙ
ነዚ ዘበን ረጊሙ
ፍቕሪ እናበሃገ እኮ ፀገሞ
ንመስፈሪው ቐሩባት ሒዘሞ።

Back to Meskot

The views reflected in the above poems are solely of the author and are not necessarily shared by** Meskot**. You may contact Amanuel Belay for comments at amanbelay3@yahoo.ca**.**